# ኣይረኣኹን ኣይሰማዕኩን ኣይነግርን







# ስጋብ መዓስ?

## Maßnahmen gegen die Gewalt
**von Bertolt Brecht (1898-1956) 1932**

Als Herr Keuner, der Denkende, sich in einem Saale vor vielen gegen die Gewalt aussprach, merkte er, wie die Leute vor ihm zurückwichen und weggingen. Er blickte sich um und sah hinter sich stehen - die Gewalt.
»Was sagtest du?« fragte ihn die Gewalt.
»Ich sprach mich für die Gewalt aus«, antwortete Herr Keuner.
Als Herr Keuner weggegangen war, fragten ihn seine Schüler nach seinem Rückgrat. Herr Keuner antwortete:
»Ich habe kein Rückgrat zum Zerschlagen. Gerade ich muss länger leben als die Gewalt.«
Und Herr Keuner erzählte folgende Geschichte.

In die Wohnung des Herrn Egge, der gelernt hatte, nein zu sagen, kam eines Tages in der Zeit der Illegalität ein Agent, der zeigte einen Schein vor, welcher ausgestellt war im Namen derer, die die Stadt beherrschten, und auf dem stand, dass ihm gehören solle jede Wohnung, in die er seinen Fuß setzte; ebenso sollte ihm auch jedes Essen gehören, das er verlange; ebenso sollte ihm auch jeder Mann dienen, den er sähe.
Der Agent setzte sich in einen Stuhl, verlangte Essen, wusch sich, legte sich nieder und fragte mit dem Gesicht zur Wand vor dem Einschlafen-. »Wirst du mir dienen?«
Herr Egge deckte ihn mit einer Decke zu, vertrieb die Fliegen, bewachte seinen Schlaf, und wie an diesem Tage gehorchte er ihm sieben Jahre lang. Aber was immer er für ihn tat, eines zu tun hütete er sich wohl: das war, ein Wort zu sagen. Als nun die sieben Jahre herum waren und der Agent dick geworden war vom vielen Essen, Schlafen und Befehlen, starb der Agent. Da wickelte ihn Herr Egge in die verdorbene Decke, schleifte ihn aus dem Haus, wusch das Lager, tünchte die Wände, atmete auf und antwortete: »Nein.«

## ስጉምቲታት ኣብ ልዕሊ ውልቀ-ምልኪ
1932 ብበርቶልት ብሬሽት (1898-1956) ዝተጻሕፈት ኣስተምህሮ
ሓዘል ሓጻር ዛንታ: - ኣብሪሃ ተርጓሚት: ፍረወይኒ ሃብተማርያም

ኣቦይ ለባም ዝተባህለ ሓደ ፍላስፋ ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ንብዙሓት ሰማዕቲ መግለጺ ንኽህብ ኣብ ዝቐረበሉ ግዜ፡ እቶም ሰማዕቲ በብሓደ ካብኡ ርሒቖም ገዲፎሞ ክወጹ ረኣየ። ቁሊሕ ኢሉ ንድሕሪኡ እንተ ጠመተ፡ ውልቀ-ምልኪ ኣብ ድሕሪኡ ጠጠው ኢሉ ረኣየ። ውልቀ-ምልኪ „እንታይ ኢኻ ድበልካ?“ ኢሉ እናኣፋጠጠ ሓተቶ፡ „ንዓኻ እየ ክውድሰልካ ጸኒሐ“ ኢሉ ድማ መለሰሉ።

ውልቀ-ምልኪ ምስ ከደ ንኣቶ ለባም ተመሃሮኡ „ጽኑዕ መርገጽ‘ዶ የብልካን ኢኻ?“ ክብሉ ብምግራም ሓተትዎ። „ክስበር ዝደልዮ ድሩቕ መርገጽ የብለይን፡ ዕምረይ ካብ ዕምሪ ውልቀ-ምልኪ ዝነውሐ ክኸውን ኣለዎ“ ኢሉ ድማ መለሰሎም። ንኣበሃህልኡ መረድኢ ክኾኖም ብማለት እዛ ትስዕብ ዛንታ ኣዘንተወሎም።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ ኣብ ዘበነ-ኣልቦ ሕግን ፍትሕን፡ ሓደ ልኡኽ ውልቀ-ምልኪ ኣብ ቤት ኣቶ ጎራሕ ዝበሃሉ፡ ንጌጋ „ኣይፋል ነውሪ“ ናይ ምባል ግሩም ጠባይ ዝነበሮም ሰብኣይ፡ መጺኡ፡ ሓደ ወረቐት ኣርኣዮም፡፡ እቲ ወረቐት ብሽም እቲ ነታ ዓዲ ዝቆጻጸር ውልቀ-ምልኪ ዝተፈረመ ኮይኑ፡ ኣብ ኩለን ኣቶ ጎራሕ ዝረገጻን ዓዲታት፡ ወይ ዝኣተወን ቤት፡ ሕልናን መንፈስን፡ ንብረትን ውላድን፡ ፍረ-ጻዕሪ ሓረስቶትን ሰራሕተኛታትን፡ ፍቕሪ ኣንስቶምን እምነት ኣምለኽትን፡ናይ ብሙሉኣቶም ተቖማጦን፡ ደቀባትን፡ ክውንን መሰል ዝህቦ ጽሑፍ ሙኻኑ ዘርኢ ነበረ። ቀጺሉውን ምእዛዝ ንዝኣበዩን፡ እምነት ንዘጉደሉሉን፡ ክኣስርን፡ ክገርፍን፡ ውላዶም ዓዲ ገዲፎም ንዝሃድሙ፡ #50፡000 ባድመ ንኽከፍሉ፡ እንተዘይከፈሉ ንኽእሰሩ፡ ደቆም ኣብ መንገዲ ስደት ኣብ ባሕሪን ምድረበዳን ዝሞቱ ንኺይልቀሰሎም ከይሕዘነሎምን፡ ኣብ ርሑቕን ቀረባን ንዝርከቡ ተወለድቲ እታ ዓዲ ኣኣብ ዘለውዎ ኣመንቲ ውልቀ-ምልኪ ሙኻኖም ንምርግጋጽ 2% ካብ እቶቶም ንኽኸፍሉ፡ ኣንስቶምን ኣዴታቶምን ንዘለወን ኩትሻን ኣስተሊኒን ተሰሊመን ዝጸበቓ ክዳነንን ተኸዲነን ንኽዕልላሉን ንኽጣቕዓሉንን፡ ዓበይቲን ነኣሽቱን ብሓባር ንተቓወምቲ ውልቀ-ምልኪ ንኽለልዩን ክምዝግቡን ከመልክቱን፡ ንኡሳንን ቆልዑትን፡ ብሓደ መዝሙር፡ ብሓደ ዋዜማ ንውልቀ-ምልኪ ክውድሱን ከኽብሩን፡ ዝእዝዝ ጽሑፍ ነበረ። እዚ እናኾነ፡ ንኣቶ ጎራሕ ድማ ዘለዎ ልሙዕ መሬት ከበርክተሉን፡ ዘላቶ ስብሕቲ ላም ክሓርደሉን፡ ጥዑም መግቢ ክኸሽነሉን ክቕልቦን፡ ኣብ ቤቱ ከስፍሮን፡ ኣብ ንእዱ ከደቅሶን፡ ብሙሉእ ጉልበቱ ከገልግሎን ኣዘዞ። ኣማስይኡ፡ „ቅድሚ ምድቃሱ ነዚ ዝበልኩኻ ኩሉ ክትእዘዘኒ ዲኻ“ ኢሉ ሓተቶ።
ኣቶ ጎራሕ ንውልቀ ምልኪ፡ ኣብ ንእዱ እናኣደቀሰ፡ ኣብ ወንበሩ እናኣቐመጠ፡ ጠጥዑሙ እናመገበ፡ ሃመማ ከይዓልቦ፡ እሽ እናበለ፡ ዝጎበዙ ደቂ እናኣወፈየ፡ ን20 ዓመት ዝኣክል ሓንቲ ቃል ከይተዛረበን ብፍጹም ዒም ከይበለን ተኣዘዞ። ድሕሪ ዒስራ ዓመት ግን፡ እቲ ውልቀ-ምልኪ መዓልቱ ኣኺላ ብሕቡራት መንግስቲታት ዓለም ምስ ተኣገደ፡ ብጾት ዘይብሉ በይኑ ምስተረፈን፡ ካብ ክቱር ብኾፍካ ስቡሕ ምብላዕን፡ ብኾፍካ ምእዛዝን ገዚፉ፡ ካብ ክቱር ዊስኪ ምስታይ ሳንቡኡ ተቓጺሉ ምሕራርን፡ ሞተ። ኣቶ ጎራሕ ንሬሳ ውልቀ-ምልኪ-ነበር በቲ ካብ ክቱር ስቡሕ ረሃጽ መሸሚሹ ዝነበረ ምንጻፍ ጠቕሊሉ፡ ካብ ቤቱ ጓቲቱ ኣውጽኦ፡፡ ብድሕሪኡ ቱኻንን ቁንጭን ዓጡኒ ካብ መሕብኢኦም ኣውጺኡ፡ ቤቱ ለቕሊቑን ኣጽረየ። ንውልቀ ምሊክ ድማ „ኣይፋለይ ብፍጹም ኣይእዘዘካን እየ ኢሉ መለሰሉ“።